# ቲታነስ፣ ዲፍተርያ፣ ፐርቱሲስ፣ ፖሊዮ (Tdap-IPV) ክታበት
# Tetanus, Diphtheria, Pertussis, Polio (Tdap-IPV) Vaccine

**ንውላድካ ድሕንነቱ ሓልወሉ።**

**ንኹሎም ክታበታት ኣብ ሰዓቶም ውሰዶም።**

ውላድካ ንኹሎም ክታበታት ኣብ ሰዓቶም ብምርካብ ኣብ ምሉእ ህይወቱ ኻብ ዝተፈላለየ ሕማማት ኽከላኸለሉ ይኽእል እዩ።

ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ሕማም ናይ ምክልኻል ኣብ ካናዳ ኻብ ዝኾነ ይኹን ካልእ ናይ ጥዕና ስጉምቲ ንላዕሊ ህይወት ሰባት ኣድሒኑ እዩ።

## Tdap-IPV ክታበት እንታይ እዩ?

እዚ Tdap-IPV ክታበት እዚ ካብ 4 ሕማማት ይከላኸለልና:-

- ቲታነስ
- ዲፍተርያ
- ፐርቱሲስ (ዓባይ ሰዓል)
- ፖሊዮ

እዚ ክታበት እዚ ብጥዕና ካናዳ ተቐባልነት ረኺቡ እዩ ከም ክታበት ናይ ውላድካ ዝገብሮ ልሙድ ስርዓት - ምክልኻል ድማ ብናጻ እዩ ዝወሃብ። ቆጸራ ምእንቲ ኽገብር ንኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ ደውለሉ።

## ነቲ Tdap-IPV ክታበት መን እዩ ክወስዶ ዘለዎ?

እዚ ኽፍሊ እዚ ነቶም ካብ 4 ኽሳዕ 6 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ከም ሓደ ዓቕን እዩ ዝወሃብ። እዚ ዓቕን እዚ ነቶም ገና ብንእሽቶኡ ኽለዉ ኻብ ቲታነስ፣ ዲፍተርያ፣ ፐርቱሲስ ከምኡውን ፖሊዮ ክከላኸሉ ዘይክእሉ ቆልዑ ንኽከላኸሉ ዝሕግዝ እዩ። እዚ መድሃኒት እዚ ንስርዓት ምክልኻል ሕማም የደልድሎ ወይ ክብ የብሎ እዚ ድማ ካብዚ ሕማም እዚ ዝሓሸ ምክልኻል ይህብ።

እዚ ክታበት እዚ ነቶም ካብ ቲታነስ፣ ዲፍተርያ፣ ፐርቱሲስ ከምኡውን ፖሊዮ ምክልኻል ዘድልዮም ዓበይቲ ቆልዑን ዓበይትን ብናጻ እዩ ዝወሃብ።

ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ነዚ ዝስዕብ HealthLinkBC መዝገባት ርአ :-

- HealthLinkBC File #105 Diphtheria, Tetanus, Pertussis, Hepatitis B, Polio, and *Haemophilus Influenzae* Type b (DTaP-HB-IPV-Hib) Vaccine
- HealthLinkBC File #15b Diphtheria, Tetanus, Pertussis, Polio, *Haemophilus influenzae* Type b (DTaP-IPV-Hib) Vaccine

ንኹሎም እቶም ዝወሰድካዮም ክታበታት ክትምዝግቦም ኣገዳሲ እዩ።

## Tdap-IPV ክታበት እንታይ ረብሓታት ኣለዎ?

እቲ Tdap-IPV ክታበት ካብቲ ኽቢድን ሓድሓደ ግዜ ሞት ዘስዕብን ሕማም ዲፍተርያ፣ ቲታነስ ፐርቱሲስ ከምኡውን ፖሊዮ ንምክልኻል እቲ ዝበለጸ መገዲ እዩ።
ንውላድካ ኻብ ሕማም ክትከላኸለሉ ክተኽትቦ ኸለኻ፣ ንኻልኦት እውን ኣብ ምክልኻል ትሕግዝ ኣለኻ።

## ድሕሪ እቲ ክታበት እንታይ ምላሽ እዩ ኽርከብ ዝከኣል?

ክታበታት ኣዝዮም ውሑሳት እዮም። ሓደ በቶም ሕማማት ካብ ምትሓዝ ነቲ ክታበት ምርካብ ዝሓሸ እዩ።

እቲ ልሙድ ምላሽ ኣብቲ ክታበት ዝተወግኣሉ ቦታ ቁስሊ፣ ቀይሕ ከምኡውን ምሕባጥ ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል እዩ። ረስኒ፣ ቁሪ ቁሪ ምባል፣ ሕማም ርእስን ድኻምን እውን ከስዕብ ይኽእል እዩ። እዞም ምላሻት እዚኦም ልኡምን ብሓፈሻኡ ኻብ 1 ኽሳዕ 2 መዓልቲ ዝወስዱን እዮም። ዓበይቲ ቐይሕን ምሕባጥን ክህልዉ ዝኽእሉ እኳ እንተ ኾኑ ብሓፈሻኡ ኽርእ ኽሎ ግና ንቡር ንጥፈታት ኣይዓናቕፍን እዩ።

> ኣሰታሚኖፈን (ንኣብነት ታይለኖል®) ወይ ኢብዩፕሮፈን (ንኣብነት ኣድቪል®) ረስኒ ወይ ቃንዛ ኽስምዓካ ኸሎ ዝወሃብ እዩ። ASA (ንኣብነት ኣስፓሪን®) ብሰንኪ ሕማም ረይ ትሕቲ 18 ዓመት ንዝዕድሚኡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክወሃብ የብሉን።

ብዛዕባ ረይ ሲንድሮም ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብዚ ዝስዕብ ርአ HealthLinkBC File #84 Reye Syndrome.

ዝኾነ ይኹን ክታበት ድሕሪ ምርካብካ ን15 ደቒቕ ኣብቲ ክሊኒክ ክትጸንሕ ኣድላዪ እዩ፣ ከመይሲ ኣናፊላክሲስ ዝበሃል ንህይወትና-ዘስግእ ኣላርጂ ኣካላት፣ 1 ካብ ሚልዮን ዝውሕድ ክፍጠር ይኽእል እዩ። እዚ ኸኣ ቆፎ ምስትንፋስ ወይ ምሕባጥ ጎሮሮ፣ መልሓስ ወይ ከናፍር ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት ምላሽ እንተ ኣጋጢሙካ፣ ኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ ኽሕክሞ ድሉው እዩ። ህጹጽ ሕክምና ኢፒነፍሪን (ኣድርናሊን)

ምምሕዳርን ብ ኣምቡላንስ ናብ ዝቐረበ ኽፍሊ ህጹጽ ኩነታት መጓዓዝን የጠቓልል። ካብቲ ክሊኒክ ምስ ወጻእካ ምልክታት ሕማም እንተ ድኣ ሃልዩካ፣ ናብ 9-1-1 ወይ ናብ ቁጽሪ ህጹጽ ኩነታት ኣብቲ ኸባቢ ደውል።

ኸቢድ ወይ ዘይተጸበኻዮ ምላሽ እንተ ኣጋጢሙካ ነቲ ኣላዪ ኽንክን ጥዕና ወትሩ ጸብጻብ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ።

## ነቲ Tdap-IPV ክታበት መን እዩ ክወስዶ ዘይብሉ?

ንስኻ ወይ ውላድካ ኣቐዲምካ ዝወሰድካዮ ዓቐን ቲታነስ፣ ዲፍተርያ፣ ፐርቱሲስ ወይ ፖሊዮ ክታበት፣ ወይ ከም ኒዮሲን፣ ፖሊሚክሲን ቢ፣ ወይ ስትሬፕቶሚሲን ዝኣመሰሉ ክታበታት እቲ ክታበት ንህይወትና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እንተ ኾይኑ ምስ ኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ። እቲ ክታበት ንቶም ትሕቲ 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ኣይወሃብን እዩ።

እቶም ናይ ጊለን-ባሬ ሲንድሮም (GBS) ኣብ ውሽጢ 8 ሰሙን ናይ ቲታነስ ክታበት ዝረኸቡ ሰባት ካልእ ምኽንያት ከይፈለጡ፣ ነቲ Tdap-IPV ክታበት ክረኽብዎ የብሎምን።

GBS ጭዋዳታት ክደክምን ክለምስን ዘኽእል ሳሕቲ ዝርከብ ኩነታት እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ረኽሲ እዩ ዘጋጥም፣ እንተኾነ ግን ሳሕቲ እንተ ዘይኮይኑ ድሕሪ ዝተወሰኑ ክታበታት እውን ክመጽእ ይኽእል እዩ።

ብሰንኪ ቁሪ ወይ ካልእ ፈኲስ ሕማም ክትክተብ ኣይትደናጎ። ይኹን እምበር ዘተሓሳስበካ ነገር እንተ ሃልዩካ፣ ምስ ኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

## ቲታነስ, ዲፍተርያ፣ ፐርቱሲስ,፣ከምኡውን ፖሊዮ እንታይ እዮም?

**ቲታነስ፣** እቲ ሎክጃው ተባሂሉ እውን ዝፍለጥ ኮይኑ ጠንቂ በቶም ኣብ ሓመድ ዝርከቡ ባክተርያ ድማ ይመጽእ። እቶም ባክተርያ ብምቑራጽ ወይ ብምሽላኽ ናብ ቆርበት ክኣትዉ ኽለዉ፣ ኣብ ምሉእ ኣካላትና ዘሳቒ ምጥባቕ ጭዋዳታት ከምጽእ ዝኽእል መርዚ የዳልዉ። ናይ ምስትንፋስ ጭዋዳታት እንተ ድኣ ተተንኪፉ ኣዝዩ ኸቢድ እዩ። ካብ 5 ቲታነስ ዝሓዞም ሰባት እቲ 1 ኽመውት ይኽእል እዩ።

**ዲፍተርያ፣** ብሰንኪ እቶም ዲፍተርያ ዝበሃሉ ባክተርያ ዝመጽእ ኣብ ኣፍንጫን ጎሮሮን ከቢድ ረኽሲ ዝፈጥር ሕማም እዩ። እቶም ባክተርያ ሰባት እንጥሾ ብዝብሉም ወይ ብምስዓል ከምኡውን ብቐጥታ ኻብ-ቆርበት-ናብ -ቆርበት ብምትንኻፍ ኣብ ኣየር ይዝርግሑ። እዚ ሕማም እዚ ናይ ምስትንፋስ ጸገም ከስዕብ ይኽእል እዩ። ድኻም ልብን ምልማስ እውን ከስዕብ ይኽእል እዩ ። ካብ 10 ዲፍተርያ ዝሓዞም ሰባት እቲ 1 ክመውት ይኽእል እዩ።

**ፐርቱሲስ፣** ብሰንኪ እቶም ፐርቱሲስ ዝብሃሉ ባክተርያ ዝመጽእ ከቢድ ሕማም ኣየር እዩ። እቶም ባክተርያ ብቐሊሉ ሰባት እንትስዕሉ፣ እንትጥሾ ኾብሉ ከለዉ ወይ ገጽ-ንገጽ ክራኸቡ ኸለዉ ይዝርግሑ እዮም። ፐርቱሲስ ኒሞኒያ፣ ምንፍርፋር፣ ናይ ሓንጎል ጉድኣት ወይ ሞት ከስዕብ ይኽእል እዩ። እዞም ጸገማት እዚኦ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ህጻናት እዩ ዝርአ።

ፐርቱሲስ ዓባይ ሰዓል ከስዕብ ይኽእል እዩ፣ እዚ ኸኣ መብዛሕትኡ ግዜ ቐድሚ እቲ ዝቕጽል እስትንፋስ ብድምጺ እዩ ዝዛዘም። እዚ ሰዓል እዚ ንዝተወሰነ ኣዋርሕ ክቕጽል ይኽእል እዩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ለይቲ እዩ ዘጋጥም። ካብ 170 ፐርቱሲስ ዝሓዞም ህጻናት እቲ 1 ኽመውት ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ፐርቱሲስ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብዚ ዝስዕብ [HealthLinkBC File #15c Pertussis (Whooping Cough)](HealthLinkBC File #15c Pertussis (Whooping Cough)) ርአ።

**ፖሊዮ፣** ብቫይረስ ዝመጽእ ሕማም እዩ። መብዛሕትኡ ረኽሲ ፖሊዮ ዋላ ሓንቲ ምልክት ዘይብሉ እኳ እንተኾነ፣ ገሊኡ ግን ኣእዳውን ኣእጋርን ምልማስ ሕሉፍ ሓሊፉ እውን ሞት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ካብ ቶም ብቫይረስ ፖሊዮ ዝተታሕዙ 1 ኻብ 200 ዝኾኑ ሰባት መልመስቲ የጋጥም እዩ። ፖሊዮ ምስ ምንቅስቓስ ሰገራ (ፍታን) ብምርኻብ ክዝርጋሕ ይኽእል እዩ። ብሰገራ ዝተበከለ ምግቢ እንተ በሊዕኻ ወይ ማይ እንተሰቲኻ እዚ ኺጋጥም ይኽእል እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ቲታነስ፣ ዲፍተርያ ከምኡውን ፖሊዮ ኣብ ቢ.C ሳሕቲ እዮም ዝርከቡ ብምኽንያት ኣብ ግዜ ቁልዕነት ዝወሃብ መደብ ክታበት። ዓባይ ሰዓል ክሳዕ ሕጂ ይርአ እኳ እንተሎ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ኣጸቢቑ ዝውሓደ እዩ ኣብቶም ሕማም ክከላኸሉ ዝኽእሉ ሰባት ከኣ ልኡም እዩ።

---

ንዝበለጸ ናይ HealthLinkBC መዝገባት ዛዕባታት ንምርካብ፣ ኣብ [www.HealthLinkBC.ca/more/resources/healthlink-bc-files](www.HealthLinkBC.ca/more/resources/healthlink-bc-files) ወይ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ህዝባዊ ናይ ጥዕና ማእኸል ኑብንዩ። ንናይ ህጹጽ-ዘይኮኑ ናይ ቢ.ሲ ጥዕና ሓበሬታን ምኽርታትን ንምርካብ ኣብ [www.HealthLinkBC.ca](www.HealthLinkBC.ca) ወይ ናብ

**8-1-1** (ካብ ክፍሊት ናጻ) ይደውሉ። ንምስማዕ ዝተስኣኖምን ንምስማዕ ዝጽገሙን፣ ናብ **7-1-1** ይደውሉ። ንልዕሊ 130 ቋንቋታት ናይ ትርጉም ኣገልግሎት እውን ኣለዉ እዮም።